# ናብቲ ጽሩይ ትንፋስ ኣምላኽ፣ ናብቲ ዘይልወጥ ቃል ኣምላኽ ንመለስ

**እታ ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ፥ ንሳ ከኣ እታ እንኮ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ**

**ስለ ኽብሪ ስም ኣምላኽ፡ ስለቲ ስለቲ ቁሩጽ ዘይልወጥ ምኽሪ ኣምላኽን ስለ ምህናጽ እታ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣምላኽን ክንብል ናብቲ ጽሩይ ቃል ኣምላኽ ንመለስ።**

ኣብ ማቴዎስ 16፡18 ብንጹር ተገሊጹ ከም ዘሎ፡ ባዕሉ እቲ ፍሉይ ሓላል መድሓኒና ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝኣወጆ ዝዓበየ ትንቢት፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንመጀመርታ ጊዜ፡ ``ኤክለሲያይ`` ኢሉ ዝሰመያ፡ ኣብዚ ምሉእ ጽንፈለኽ እንኮ ናይ ክርስቶስ ኤክለሲያ ኣላ። ንድሕሪት ናብ ሕሉፍ ዘለኣለም (The Eternal Past) ምልስ ኢልና ምስ እንምልከት፡ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ንዘለዋ ፍሉይ ሰፍራ ብቁዕ መግለጺ ቃላት ኣይንረክብን ኢና። ዋላኳ ብምኽንያት እቲ ክፍኡ ድቁርና፡ 99% ኣመንቲ እዚ ዘመን እዚ ብዝግባእ እንተዘይፈለጡዋ፡ እዛ እንኮን ፍልይትን ናይ ክርስቶስ ኤልለሲያ፡ ኣብቲ ምሉእ ጽንፈለኽ ወይ ከኣ ዩኒቨርስ እታ ካብ ኩሉ ዚዓበየት፡ ዚለዓለት፡ ዝኸበረትን እተፈልየትን ምኽሪ ኣምላኽ እያ። እታ ናይ ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ምኽሩ፡ እታ ኣምላኽ ቅድሚ ዘመናት፡ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም፡ ዝመኸራ ናይ ዘመናት ምኽሩ እያ። ካብዛ ሓቂ እዚኣ ብዘይፍለን ብዘይንገልን መገዲ ድማ፡ እዛ ናይ እንኮ ናይ ክርስቶስ ኤክለሲያ፡ ኣብቲ ምሉእ ጽንፈለኽ ወይ ከኣ ዩኒቨርስ እቲ ካብ ኩሉ ዚዓበየት፡ ዚለዓለት፡ ዝኸበረትን እተፈልየትን እንኮ ናይ ሰማይ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ`` እያ። እዚ ማለት፡ እታ ኤክለሲያ፡ እታ ካብቲ ጊዜ ሞትን ትንሳኤን ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ጀሚሩ፡ ክሳዕ እታ ናይ ክብሪ ዳግም ምጽኣቱ፡ ኣብዚ ምሉእ ጽንፈለኽ፡ እታ እንኮ ናይ ሰማይ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ እያ። እቲ ብጣዕሚ ዘሕዝን ነገር፡ እቶም ነዚ ዝዓበየ ሓቂ እዚ ዘስተውዕሉ ሰባት ብቑጽሪ ኣዝዮም ሕደት ምኻኖም እዩ።

እቲ ናይ ዘለኣለም ቁሩጽ ምኽሪ ኣምላኽ፡''ኤክለሲያ'' (ሓደ ዝኾነ ዓይነት ኣኼባ) ንኽትህልዎ ዘይኮነስ እተሃንጸት ኤክለሲያ ንኽትህልዎ እዩ። እወ፡ ምሉእ ብምሉእ ከምቲ ፍጹም ፍቓዱ እተሃንጸት ኤክለሲያ ንኽትህልዎ እዩ። እዚኣ እታ ቅድሚ ምስራት ዓለም እተሓሰበት፡ እተወሰነት፡ እተወጠነት ፡እተመኸረት ፡እተሓንጸጸት፡ እተደንገገት፡ ብዋላ ሓደ ኣካል ከኣ ዘይትጽልምት ራእይ ዘለኣለም እያ። እዚኣ እታ እንኮ ራእይ ኣምላኽ ንኣምላኽ ገዛእ ርእሱ (This is the Sole Vision of God, for God Himself) እያ።

ኵሎም መላእኽቲ ነዛ እንኮ ራእይ እዚኣ እዮም ተፈጢሮም። ኣገልግለቲ፡ ፈጸምቲ፡ ተግበርቲ፡ ተኣዘዝቲ እዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ ጥራይ ንኪኾኑ እዮም ተፈጢሮም። እቶም ሰፍራኦም ዘይ ሓደጉ መላእኽቲ ኵሎም ድማ ከም ሓደ ሰብ ብምቓም፡ ነዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ እዚኣ ጥራይ የገልግልሉ፡ ይገብሩ፡ ይትግብሩ፡ ይፍጽሙን ይእዘዙን ኣለዉ። ኵሎም መላእኽቲ ጥራይ ዘይኮኑ ድማ፡ ሰማይን ምድርን ኣባታቶም ዘለዉ ህይወት ዘለዎምን ህይወት ዘይብሎምን ፍጥረታት ኵሎም፡ ነዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ ጥራይ እዮም ተፈጢሮም። መፈጸሚ፡ መተግበሪ እዛ እንኮ ራእይ ዘለኣለም ንኪኾኑ ጥራይ እዮም ተፈጢሮም። ደቂ ሰባት ኵሎም ነዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ፥ ተገዛእቲ፡ ተኣዘዝቲ፡ ፈጸምቲ፡ ተግበርቲ፡ ንኽኾኑ ጥራይ እዮም ተፈጢሮም። እቶም ዳግም እተወልዱ ኣመንቲ ኵሎም ነዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ ተገዛእቲ፡ ተኣዘዝቲ፡ ፈጸምቲ፡ ተግበርቲ ንኽኾኑ ጥራይ እዮም እቲ ዓብዩ ምድሓን ኣምላኽ ተቐቢሎም። እቶም ንጹር ምግላጽ እዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ እተቀበሉ ባሮት ኣምላኽ ኵሎም ድማ፡ ነዛ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ ጥራይ ተገዚኦም፡ ተኣዚዞም፡ ተመሊኾም፡ ፈጺሞምን ተግቢሮምን ጉያኦም ብዓወት ወኢዶም ሓሊፎም። እሞ እቶም ሎሚ ኣብዚ ዘመን እዚ ኣብ ከከተማኡ ዘለና ኵሉና ደቂ ኣምላኽከ፡ ነዚ ዚዓበየን ዝለዓለን ዘይልወጥ መለኮታዊ ሓቂ እዚስ ንፈልጦዶ፧ ንዘይትፈልጦ ነገር ክትእዘዞን ክትሕልዎን ከም ዘይከኣል ዝፈለጥና ኣይመስለንን (ግብ26፡19) ። እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ባዕሉ እንታይ እናበለ ድዩ ዘጠንቅቐ፧ ``ራእይ ዜልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ፡ ሕጊ ዚሕሉ ግና ብጹእ እዩ።`` (ምሳሌ29፡18)

**ክልተ ገጻት እታ እንኮ ኤክለሲያ**

ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ (ኣብዚ ዝረኣን ኣብቲ ዘይረኣን ዓለም)፡ እታ ኤክለሲያ ኣምላኽ እንኮ ጥራይ እያ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ እትረኣን ዘይትረኣን (visible & invisible) ዝበሃላ ክልተ ዓይነት ኤክለሲያታት ፈጺሙ የብሉን። ጐይታ እንኮ ጥራይ ኤክለሲያ እያ ዘላቶ። ከምዛ ኣብዛ ምድሪ እትበርኽ እንኮ ጥራይ ጸሓይ ዘላ፡ እታ ኤክለሲያ ኣምላኽ ከኣ እንኮ ጥራይ እያ። እዛ እንኮ ኤክለሲያ እዚኣ ግና ክልተ ፍሉይ መልክዕ (aspects) ኣሎዋ። ከተማዊ መልክዕን ጽንፈለኻዊ (ዩኒቨርሳል) መልክዕን። ንጸሓይ ኣብ ከከተማኡ ሓንቲ መግለጺ ጥራይ ከም ዘላታ፡ ነታ እንኮ ጽንፈለካዊት ኤክለሲያ ኣምላኽ ድማ፡ ኣብ ከከተማኡ እንኮ መግለጺ ጥራይ እያ ዘላታ፡ ንሳ ከኣ እንኮ ኤክለሲያ ኣምላኽ ጥራይ ኣብ ሓንቲ ከተማ እያ።

እታ ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ እንኮ ናይ ሰማይ ናይ ኣምላኽ ራእይ፡ ምህናጽ እዛ እንኮ ኤክለሲያ እያ። እታ ኤክለሲያ ግና፡ ኣብ ጠፈር፡ ኣብ ወርሒ፡ ኣብ ጸሓይ፡ ኣብ ማርስ፡ ኣብ ጁፑተር፡ ወይስ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ኣይኰነትን እትህነጽ። እታ ኤክለሲያ ብግብሪ ኣብ ምድሪ እያ እትህነጽ ፣ ከተማ ብከተማ እያ ከኣ እትግለጽ። ስለዚ እያ ከኣ ኣብ ሓንቲ ከተማ ሓንቲ ጥራይ ኤክለሲያ ኩይና ክትግለጽ ብግዲ ዝኸውን። ምፍልላይ፡ ምጉጂጃል፡ ምብጅጃል፡ ምብትታን፡ ምምቅቓል ኣብ ዘለዎ፡ እቲ ሰማያዊ ናይ ምህናጽ ተልእኾ የለን። ህጻናት ኰንኩም ካብ እተወለድኩምላ ጊዜ ጀሚሩ፡ ምሉእ ኣካላት ዘለኩም ኰንኩም ምስ ተወለድኩም፡ እቲ ኣምላኽ ዘገጣጠሞ እተፈላለየ ኣካላትኩም ንሓድሕዱ ተገጣጢሙን ተኣሳሲሩን ሓቢሩን ስለ እተዓቀበ እዩ፡ ሎሚ ምሉእ ኣካላት ዘለዎም ሰባት ኰንኩም ናብቲ ዝድለ ብጽሕናን ዕብየት ወዲ ሰብን በጺሕኩም ዘለኹም። ኣብ ኣካላትኩም ምፍልላይ፡ ምብትታን ፡ ምምቅቓል ወይ ከኣ ስንክልና እንተ ዘጋጥም፡ ጉደሎታት ኰንኩም ኢኹም እትዓብዩ። ምዕባይኩምን ምግላጽኩምን ንቡርን ምሉእን ኣይከውንን። እታ ኣብ ከከተማኡ ኣምላኽ ዝወልዳ ሓንቲ ኤክለሲያ ከኣ ልክዕ ከምኡ እያ። ኣብቲ ኣምላኻዊ ሕብረትን ሓድነትን ዘይብሉ፡ ኣብኡ ሓቢርካ ምህናጽ የለን፣ ኣብቲ ሓብርካ ምህናጽ ዘይብሉ ከኣ፡ ኣብኡ ኣምላኻዊ ምዕባይ የለን። (ኤፌ2፡19-22፣ 4፡11-16)

**መጸዊዒ ስም**

እቲ ትኽክለኛ ሓድሽ ኪዳናውን ናይ መጀመርታን መጸውዒ ስም እታ ቤት ኣምላኽ እንታይ እዩ፧ ``ኤክለሲያ`` ዝብል እዩ። እዚ ``ኤክለሲያ (ἐκκλησία)``ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ኣብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ንኸባቢ 115 ዚኣክል ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብዚ ናይ ትግሪኛ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ''ማሕበር``'' ብዝብል ቃል እዩ ተተኪኡ ዘሎ። እዚ ግና፡ ነቲ እቲ ''ኤክለሲያ'' ዝብል መበቀላዊ ናይ ግሪኽ ቃል ዘሎዎ ትርጉም፡ ትሕዝቶን መልእክትን ብትኽክል ኣይትከኦን እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ካብ ክልቲኡ ብሉይን ሓድሽን ማለትዩ፡ ከምቲ ኣብቲ በኹሪ ጽሑፋት እብራይስጢን ግሪኽን ተቐሚጡ ዘሎ፡ ከም ዘለውዎ ናብ ቋንቋ ትግሪኛ እተተርጎሙ ቃላት ወይ ከኣ ስማት ኣለዉ። ነኣብነት፡ ሳሙኤል ዝብል ቃል ብእብራይስጢ ''ሽሙኤል/שְׁמוּאֵל'' እዩ ዝብል። ሳሙኤልን ሽሙኤልን ከኣ ፍልልይ የብሉን። ሳሙኤል ዝብል ስም ትርጉሙ፡ እግዚኣብሄር ይሰምዕ ማለት እዩ። እቶም ናይ ትግሪኛ ተርጎምቲ ነዚ ሳሙኤል ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል ''እግዚኣብሄር ይሰምዕ'' ኢሎም ኣይተርጎምዎን። ወይ ድማ ካልእ ትርጉም ኣይሃብዎን። እቲ ቃል: እቲ ትኽክለኛ ትርጉሙ ኪስሕት ስለ ዘይደለዩ ኪኹኑ ኣለዎም፡ ከም ዘለዎ ነቲ ናይ እብራስጢ ቃል ብምውሳድ ''ሳሙኤል'' ኢሎም ተርጒመሞ። ልክዕ ብኸምዚ ዓይነት መገዲ ከም ዘለውዎ እተተርጎሙ ካልኦት ኣዚዮም ብዙሓት ስማት ኣለዉ።ነኣብነት ''ኣማኑኤል'' ብእብራይስጢ ''ኢማኑኤል/עִמָּנוּאֵל `'' እዩ ዝብል። ኣማኑኤል ምስ ኢማኑኤል ፍልልይ የብሉን። ትርጉም ኢማኑኤል ''ኣምላኽ ምሳና'' ማለት እዩ። ካልእ ከም ሳልሳይ ኣብነት፡ ''ዳኒኤል'' ዝብል ስም ንውሰድ። ብእብራይስጢ ''ዳኒዬል/דָּנִיֵּאל / እዩ ዝብል። ዳኒኤል ማለት ኣምላኽ ፈራድየይ/God is my judge/ ማለት እዩ። እቶም ተርጎምቲ፡ ዳኒኤል ንዝብል ስም ''ኣምላኽ ፈራድየይ'' ኢሎም ኣይተርጎምዎን። ንሰብ፡''ኣምላኽ ይሰምዕ! ኣታ ኣምላኽ ይምዕ! ኣታ ኣምላኽ ምሳና! ኣታ ኣምላኽ ፈራድየይ!'' ወዘተ እናበልካ ካብ እትጽወዮ፡ ''ሳሙኤል፡ ኣማኑኤል፡ ዳኒኤል'' እናበልካ ኪትጽወዮ ይምረጽ። ካልእ ከም ራባዓይ ኣብነት፡ ሚሻኤል (מִישָׁאֵל) ዝብል እዩ። እዚ ናይ እብራይስጢ ቃል እዚ እውን ከም ዘለዎ እዩ ናብ ትግሪኛ ተወሲዱ። ትርጉሙ፡ ``እቲ ኣምላኽ ዝኾኖ ዝኾውን መን እዩ ( "who is what God is") ዝብል እዩ ። ከም ሓሙሻይን ሻዱሻይን ኣብነት፡ እቲ ሃናንያ (እግዚኣብሄር መንስ ይህብ) ዝብል ስምን ሃዛርያ (እግዚኣብሄር ይድግፍ) ዝብል ስምን፡ ክልቲኡ ብቀጥታ ካብ እብራይስጢ ናብ ትግሪኛ እተወሰደ ቃላት እዩ (ዳኔል1፡ 11) ። እሞ ስለ ምንታይ እዮም እዞም ትግሪኛ መጽሓፍ ዝተርጎሙልና ሊቃውንቲ ኣቦታት፡ ነቶም፡ ''ኢማኑኤል፡ ሳሙኤል፡ ዳኒኤል፡ ሃናንያ፡ ሃዛርያ፡ ወዘተ.'' ዝብሉ ናይ እብራይስጢ ቃላት ከም ዘለውዎ ዓቂበሞም፧ እወ፡ ነቲ ትኽክለኛ ትርጉሞም፡ ትሕዝቶኦምን መልእኽቶምን ምእንቲ ከይጥፍኡ ወይ ከኣ ከይስሕቱ ኪኹኑ ኣለዎም።

ሕራይ እምበኣር፡ ናብ ትርጉምን ትሕዝቶን እታ ``ኤክለሲያ`` እትብል ናይ ግሪኽ ቃል ቅድሚ ምምጻእና፡ ሕጂ ከኣ ካብ ሓድሽ ኪዳን፡ ብፍላይ ከኣ ምስታ፡ ``ኤክለሲያ`` ኣምላኽ ብቀረባ ዝዛመዱ ኣካላት ክነሶም ግናኸኣ ካብ ቋንቋ ግሪኽ ናብ ትግሪኛ ብቀጥታ ብቀጥታን ከም ዘለውዎን እተወሰዱ፡ ክልተ ኣብነት ንውሰድ። እዞም ክልተ ቃላት እዚኣቶም ``ድያቆናትን`` ``ኤጲስቆጶሳትን`` ዝብሉ እዮም። ኣብ 1 ጢሞቴዎስ ምዕራፍ ሰለስተ ምስ እንምልከት፡ ሰለስቲኦም ኣብ ሓንቲ ምዕራፍ ብሓንሳእ ተጠቒሶም ኣለዉ። ኤጲስቆጶሳት (3፡1-7) ፡ ዲያቆናት (3፡8-13) ፡ እታ ኤክለሲያ ህያው ኣምላኽ (3፡15) ። ኣብ ፍሊጲ 1፡1 እውን ብተመሳሳሊ መልክዕ ማለት እዩ። እታ ኤክለሲያ እትብል ጥራይ ብቅዱሳን ተተኪኣ ኣላ። እቲ ሓሳብ ግና ክልቲኡ ሓደ ዓይነት እዩ።

ዲያቆኖስ (ዲያኮኖስ) (διάκονος) =>ኣገልጋሊ ማለት እዩ። እምበኣር፡ እዚ ``ዲያቆን`` ዝብል ቃል ትግሪኛ፡ ብቀጥታ ካብዚ ``ዲያኮኖስ`` ዝብል ቃል ግሪኽ እተወሰደ እዩ ። ዲያቆኖስ፡ ምስ ዲያቆን ፍልልይ የብሉን። እቲ መበል ካልኣይ ቃል፡ እቲ ``ኤጲስቆጶስ`` ('' ἐπίσκοπος'') ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ። እዚ ቃል እዚ እሞ ከኣ ከም ዘለዎ እዩ ብቀጥታ ናብ ትግሪኛ ተወሲዱን ልክዕ ከም ዘለዎ እዩ ዝድመጽን።

እሞ እስከ ``ኤጲስቆጶስ`` እንታይ ማለት እዩ ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ንሕተት። እዚ ``ኤጲስቆጶስ`` ዝብል ቃል፡ ብኽልተ ናይ ግሪኽ (ጽርኢ) ቃላት ዝቆመ እዩ። እቲ ``ኤጲ`` ዝብል ቃል፡ ኣብ ``ላዕሊ`` ማለት እዩ። እቲ ``ቆጶስ`` ዝብል ድማ፡ ምርኣይ፡ ምምልካት፡ ምጥማት፡ ምሕላው፡ ማለት እዩ። ``ኤጲስቆጶስ`` ማለት እምበኣር፡ ንላዕሊ ውጽእ ኢልካ፥ ምርኣይ፡ ምምልካት፡ ምጥማት፡ ምሕላው፡ ማለት እዩ። እሞ ነዚ፡``ኤጲስቆጶስ`` ዝብል ቃል ግሪኽ እዚ፡ ትርጉሙ፡ ትሕዝቶኡን መልእኽቱን ከም ዘለዎ ዓቂቡ፡ ብትኽክል ክትከኦ ዝኽእል ካልእ ናይ ትግሪኛ ቃል ኣሎ ድዩ፧ ያእ ኣይፋሉ! የሎን! እንተ ዝህሉ፡ እቶም ናይ ትግሪኛ ተርጐምቲ ምተጠቐምሉ። እቶም ተርጐምቲ፡ ንትርጉም፡ ትሕዝቶን መልእኽትን እዚ ቃል እዚ ከም ዘለዎ ክዕቅብዎ ስለ ዝደለዩ ክኸኡ ኣለዎም፡ ነዚ ናይ ግሪኽ ቃል እዚ ከም ዘለዎ ናብ ትግሪኛ ኣሰጊረሞ።

ልክዕ ከምኡ ድማ፡ እዚ ጐይታና የሱስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንመጀመርታ ጊዜ ማለት እዩ፡ ነቲ ካብ ዓለም ካብ ግዝኣት ጸልማት ንፍሉይ ዕላማ ተጸዊዑ ዝወጸ ፍሉይ ድሑን ህዝቡ ብምምልካት፡ ``ኤክለሲያ'' ኢሉ እተጠቅመሉ ቃል፥ ፍሉይ ትርጉም፡ ትሕቶን መልእኽትን ዘለዎ ቃል እዩ። እቲ ፍሉይ ትርጉምን ትሕዝቶን እዚ ቃል እዚ ከኣ፡ በቶም፡ ''ማሕበር፣ ቤተ ክርስትያን፣ ቸርች ወዘተ.`` ዝብሉ እተፈላለዩ ቃላት፡ ብትኽክል ኪትካእ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከኣ ከምቶም ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮም ዳኒኤል፡ ሳሙኤል፡ ኣማኒኤል፡ ሚሻኤል ወዘተ. ዝብሉ ናይ እብራይስጢ ስማት፣ ከምቶም፡ ``ዲያቆን፡ ኤጲስቆጶስ`` ዝብሉ ድማ ናይ ግሪኽ ቃላት፡ ከም ዘለውዎ እተዓቀቡ፡ ልክዕ ከም ድማ፡ እዚ፡ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል፡ ከም ዘለዎ ኪዕቀብ ዝግበኦ ዝነበረ ኣዝዩ ኣገዳሲ ቃል እዩ ። እጥቀመሉ ቃል ኣዚዩ ወሳኒ እዩ። ኣብ ውሽጦም ኣዝዩ ፍሉይ መልእኽትን ትሕዝቶን ዚኽዘኑ ፍሉያትን ኣዝዮም ረዘንትን ቃላት ኣለዉ። ንኽምዚኦም ዓይነት ቃላት ትሕዝቶኦምን ትርጉሞምን ምእንቲ ከየጥፍኡ፡ ከም ዘለውዎ ምዕቃብን ናብቲ ዝመጽእ ወለዶም ብእሙንነት ምምሕልላፍን ኪንደይ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ!

እቶም ነቲ ኣብ 1611 እተሓትመ ኪንግጄምስ (KJV) ዝብል ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዝጻሓፉ ልቃውንቲ ግና፡ ኣብ ኵሉ እቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ነዚ ``ቸርች-Church'' ዝብል ቃል እዮም ተጠቒሞም። እዚ ``ቸርች`` ዝብል ቃል ``ኩርያኮስ`` (``κυριακός``) ካብ ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ከም እተወሰደ ተመሃሮ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጹ። እዚ ኩርያካስ (ኩርያኮስ) ዝብል ቃል፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክልተ ሳዕ ጥራይ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ። ትርጉሙ ድማ፡ ናይ ጐይታ(Belonging to the Lord), ምስ ጐይታ ዝተኣሳሰር(Related to the Lord) ማለት እዩ። ''… እቲ ብሓደ ምእካብኩም ንምብላዕ መኣዲ ጐይታ ኣይኰነን።'' (1ቆረ11፡20) ፣ ``ብመዓልቲ ጐይታ ብመንፈስ ኰንኩ፡…`` (ራእይ1፡ 10)

እሞ፡ ኣብዚ ብንጹር ንሪኦ ከም ዘለናሲ፡ እቲ ``ኩርያካስ`` ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል፡ ነታ ``''ኤክለሲያ'``` ኣምላኽ ኣመልኪቱ ኣብ ዋላ ሓደ ስፍራ እኳ ኣይተጠቕሰን። ኣብዘን ክልተ ጥቕስታት እዚኣተን፡ ነታ ኤክለሲያ ኣመልኪቱ ኣይኰነን ተጠቒሱ ዘሎ። እቲ ``Church/ቸርች`` ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ቃል ግና፡ ኣብዛ ሕጂ ዘላ ምድረ-ክርስትና፡ እተፈላለየን ኣዚዩ መደናገሪ ዝኾነ ትርጉማት ሒዙ ኣብ ጠቅሚ ውዒሉ ኣሎ። ካብቶም ቀንድን ዓብለልቲ ትርጉማትን ንምጥቓስ፦

ሀ) ሃይማኖታዊ ህንጻ (A Religious building) => እቲ ህዝበ ክርስትያን ዝእከበሉ ሓደ ሃይማኖታዊ ህንጻ ``ቸርች`` ወይ ከኣ ``ቤተ-ክርስትያን`` እናተባህለ ይጽዋዕ።

ለ) ኣብ ገለ ገለ ድማ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ሃይማኖታዊ ህንጻ ዝግበር ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ቸርች እናተባህለ ይጽዋዕ።

ሐ) ካልእ ብዓብዩኡ ከኣ ነቲ ኣብ ክርስትያን ዓለም ዘሎ እተወደበ/ኦርጋናይዝድ ዝኾነ/ ሃይማኖታት የመልክት። ኣብነት፥

1. ሮማን ካቶሊክ ቸርች/ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን (The Roman Catholic church)
2. ኦርቶዶክስ ቸርች/ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን (The Orthodox church)
3. ወንጌላዊት/ፕሮተስታንት/ ቸርች/ወንጌላዊት ቤተ-ክርስትያን (The protestant church) ። ኣብዚ ምድረ-ፕሮተስታንት ክርስትና ንዘለዉ ኣዚዮም ብዙሓትን እተፈላለዩ ክርስትያን ደኖሚኔሽናትን ኣመልኪቱውን እዚ ቃል እዚ ይጥቐስ፡-ኣብነት፥

3.1 ሉተራን ቸርች/ሉተራን ቤተ-ክርስትያን (Lutheran Church)
3.2 ካልቪኒያውን ቸርችስ (Calvinist Churches)
3.3 ባፕቲስ ቸርች/ባፕቲስ ቤተ-ክርስትያን (Baptist Church)
3.4 ፕረስፒተርያን ቸርች/ፕረስፒተርያን ቤተ-ክርስትያን (Presbyterian Church)
3.5 ሪፎርመድ ካልቪኒስት (Reformed Calivinists) ። ካልቪኒስታውያን ጥራይ ትሽዓተ ዓይነት እተፈላለዩ ጉጅለታት ኣለዉ ።
   3.5.1 ቶታል ሃይፐር-ካልቪኒዝም
   3.5.2 ፓርሽያል ሃይፐር-ካልቪኒዝም
   3.5.3 ኣልትራ-ሃይ ካልቪኒዝም
   3.5.4 ረጉላር ሃይ ካልቪኒዝም
   3.5.5 ሞደሬት ካልቪኒዝም
   3.5.6 ሎወር ሞደሬት ካልቪኒዝም
   3.5.7 ሎወር ካልቪኒዝም
   3.5.8 ሎወስት ካልቪኒዝም
   3.5.9 ኣሚራልዲዝም (ፎር ፖይንት ካልቪኒዝም)

3.6 ኤንግሊካን ቸርች/ኤንግሊካን ቤተ-ክርስትያን (Anglican Church)
3.7 ሜቶዲስት ቸርች/ሜቶዲስት ቤተ-ክርስትያን (Methodist Church)
3.8 ፐንተኮስታውያንን ካሪዝማቲካውያን ቸርች/ጰንጠቆስታዊት ቤተ-ክርስትያንን (Pentecostal & Charismatic Churches) ። ኣብ ውሽጢ እዚ ንገዛእ ርእሱ፡ ብምልኡ ንኽትጠቕሶ እምብዛ ዘሕፍር ኣዝዩ ብዙሕ ዝርዝራት ኣሎ። ገለ ኣብነት ጥራይ ክንጠቕስ ኢና።
   3.8.1 ኣላሞ ክርስትያን ፋውንዴሽን
   3.8.2 ኣፖስቶሊክ ቸርች
   3.8.3 ኣፖስቶሊች ቸርች ኦፍ ፐንተኮስት
   3.8.4 ኣፖስቶሊች ፈይዝ ቸርች
   3.8.5 ኣፖስቶሊክ ፈዝሚሽን ቸርች ኦፍ ጎድ
   3.8.6 ኣሰምብልስ ኦፍ ጎድ
   3.8.7 ባይብል ዌይ ቸርች ኦፍ ኣወር ሎርድ ጅዘስ ክራይስት
   3.8.8 ክራይስ ኮሚኒቲ ቸርች
   3.8.9 ክራይስት ጎስፐል ቸርችስ ኢንተርናሽናል
   3.8.10 ክርስትያን ኣሰምብልስ ኢንተርናሽናል
   3.8.11 ዘ ቸርች ኦፍ ጎድ
   3.8.12 ቸርች ኦፍ ጎድ ብይ ፈይዝ
   3.8.13 ቸርች ኦፍ ጎድ ፎር ኦል ነሽንስ
   3.8.14 ቸርች ኦፍ ጎድ ኢን ክራይስት
   3.8.15 ቸርች ኦፍ ጎድ ዊዝ ሳይንስ ፎሎዊንግ
   3.8.16 ቸርች ኦፍ ዘ ሊትል ችልድረን ኦፍ ጅዜስ ክራይስት
   3.8.17 ቸርች ኦፍ ዩኒቨርሳል ትሪምፍ ዶሚኒዮን ኦፍ ጎድ
   3.8.18 ኮንግሪጌሽናል ሆሊነስ ቸርች
   3.8.19 ሲኣርሲ ቸርችስ ኢንተናሽናል
   3.8.20 ፈይዝ ክርስትያን ፈለውሽፕ ኢንተርናሽናል
   3.8.21 ፈይዝ ቸርች
   3.8.22 ዘ ፈለውሽፕ ኦፍ ክርስያን ኣሰምብሊስ
   3.8.23 ፋየር ባፕታይዝድ ሆሊነስ ቸርች ኦፍ ጎድ ኦፍ ዘ ኣመሪካንስ
   3.8.24 ፍሪ ኣፖስቶሊች ቸርች ኦፍ ፔንተኮስ
   3.8.25 ጎስፐል ኣሰምብሊ ቸርችስ
   3.8.26 ሆሊነስ ባፕቲስት ኣሴሶሽን
   3.8.27 ዘ ፎርስኳር ቸርችስ
   3.8.28 ኢንተርናሽናል ፈሎውሽፕ ኦፍ ክርስትያን ኣሰምብሊስ
   3.8.29 ኢንተርናሽናል ፔንተኮስታል ቸርች ኦፍ ክራይስት
   3.8.30 ኢንተርናሽናል ፔንተኮስታል ሆሊነስ ቸርች

3.8.31 ላይፍ ሃውዝ ኢንተርናሽናል ቸርች
3.8.32 ማና ፉል ጎስፐል ቸርችስ
3.8.33 ማውንት ሲና ሆሊ ቸርች ኦፍ ኤመሪካ
3.8.34 ኒው ተስታመንት ክርስትያን ቸርችስ ኦፍ ኤመሪካ
3.8.35 ኦፐን ባይብል ስታንዳርድ ቸርችስ
3.8.36 ፔንተኮስታል ቸርችስ ኦፍ ክራይስት
3.8.37 ፔንተኮስታል ዎርልድ ፈሎውሽፕ
3.8.38 ረዲምድ ክርስትያን ቸርች ኦፍ ጎድ
3.8.39 ሶልዬርስ ኦፍ ዘ ክሮስ ቸርች
3.8.40 ትሩ ጅዜስ ክራይስ ቸርች
3.8.41 ዎርድ ኦፍ ላይፍ ባይብል ቸርች
3.8.42 ዛዮን ክርስትያን ቸርች
3.8.43 ወዘተ. ወዘተ.

3.9 ኣባና ኣብ ማእከል ሓበሻ ንዘሎ እተፈላለየ ስማት ደኖሚኔሽናት (ቤተ እምነታት) ኣብነት ከኣ ንዘርዝር።

3.9.1 ሉተራን ቸርች
3.9.2 ወንጌላዊት ቸርች
3.9.3 ፌዝ ምሽን ቸርች
3.9.4 ቃለ-ህይወት ቸርች
3.9.5 ምሉእ ወንጌል ቸርች
3.9.6 መሰረተ ክርስቶስ ቸርች
3.9.7 ምሕረተ የሱስ ቸርች
3.9.8 ሻሎም ቸርች
3.9.9 ኤብንአዘር ቸርች
3.9.10 የተቀባ ቃል ቸርች
3.9.11 ተስፋ ቤተክርትያን /ሆፕ ቸርች/
3.9.12 ኣጋቤ ቸርች
3.9.13 ሕብረት ኣሕዋት ቸርች
3.9.14 ክብሪ ኣምላኽ ቤተክርትያን
3.9.15 ወንጌል ንወለዶ ቸርች
3.9.16 ኬብሮን ቸርች
3.9.17 ሬማ ቸርች
3.9.18 ዘጻኣት ቸርች
3.9.19 ሃለሉያ ቸርች
3.9.20 ካሪዝማ ቸርች
3.9.21 ኬፕሮን ኢንተርናሽናል ሃዋርያዊት ቸርች
3.9.22 ደገ ሰማይ ቸርች
3.9.23 ራሓቦት ቸርች
3.9.24 ቤትኤል ቸርች
3.9.25 ብርሃነ ህይወት ቸርች
3.9.26 ንፍታሌም ቸርች
3.9.27 ኤልሻዳይ ቸርች
3.9.28 ፍላደልፊያ ቸርች
3.9.29 ኪንግዶም ቸርች
3.9.30 ኣማኑኤል ኢንተርናሽናል ቸርች
3.9.31 ወንጌል ንኹሉ ዓለም ቤተክርስትያን
3.9.32 ዛብሎን ቸርች
3.9.33 ጽድቂ ሰራዊት ቸርች
3.9.34 ጽድቂ ጸሓይ ቸርች
3.9.35 ወንጌላዊት ዓለም ለኻዊት ቸርች
3.9.36 ሰላም ወንጌል ቸርች

3.9.37 ኢንተርናሽናል ኣፖስቶሊክ ቸርች
3.9.38 ኣማኑኤል ኤርትራን ባፕቲስ ቸርች
3.9.39 ኪኤልሲ ቸርች
3.9.40 ሆሳእና ቸርች
3.9.41 ከረን ሲና ቸርች
3.9.42 ሆሊ ሲቲ ቸርች
3.9.43 ናዛርያን ኤርትራውያን ቸርች
3.9.44 ጼኒኤል ቸርች
3.9.45 ዘዊ ቸርች
3.9.46 ዓለም ለካዊት ቤተክርስትያን
3.9.47 ኒው ክርኤሽን ቸርች
3.9.48 ቤተልሄም ቸርች
3.9.49 ጊልጋል ቸርች
3.9.50 ሓርነት ቸርች
3.9.51 ማሕበር ትንሳኤ ክርስቶስ
3.9.52 ዓለም ለኻዊት ቤተክርስትያን የሱስ
3.9.53 ብርሃን ወንጌል ቸርች
3.9.54 ሽሎ ሃዋርያዊ ቸርች
3.9.55 ፋርስ ቸርች
3.9.56 ሓድሽ ኪዳን ቸርች
3.9.57 ወደ መዝሙር ቤተክርትያን
3.9.58 ቆርኔሎስ ቤተክርትያን
3.9.59 ኤርትራዊት ቀይሕ ባሕራዊት ቤተክርትያን
3.9.60 ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ``
3.9.61 ወዘተ.

እሞ ረኣዩ በሉ! እዚ ኵሉ ስማቲ እዚሲ እንታይ እዩ፧ ቃል ኣምላኻዊ ድዩ፧ ኣያፋሉ! ፈጺሙ! ቃል ኣምላኻዊ ኣይኰነን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ነታ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት እዩ። ብጣዕሚ ዘገርም እዩ፡ ኣዝዩ ከኣ ዘሕዝን እዩ። እታ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ዓብዪ ዕንቅፋት ገጢምዋ ከም ዘሎ ዘስተውዕል ሰብ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። ካብዚ ኣብዚ ዘሎ ብዙሕ ዝርዝራት፡ ሓንቲ መሰረታዊ ሓድሽ ኪዳናዊ ሓቂ ክንመሃለላ ዘላ ስም ክንምርምር ኢና። ነዛ ኣብ ቁጽሪ 60 ዘላ ንመልከታ። እዛ፡``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` እትብል። እዚኣ ሕጂ ኣብዚ ቀረባ እዋን እተወሰኸትን ዝቆመትን ሓዳሽ ደኖሚኔሽን እያ። እዚኣውን ደኖሚኔሽን እያ።

ኣብቲ ቁዋሞም ከም ዘንበብኩዎ፡ ``ማሕበር ኪርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` ዝብል ስም ንኽውጹ ከም መደገፊ እተጠቕሙላ ጥቕሲ፡ ግብሪ ሃዋርያት 9:31 እያ። ኣዝዩ ድኹም መደገፊ እዩም ተጠቂሞም! ኣብ ሓንቲ ጥቕሲ ጥራይ፡ እሞ ከኣ ምስቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ዘጋጮ ትርጉም ኣብ ዘለዋ ጥቕሲ ስለ እተደገፉ፡ ኣብ ክንዲ ቃል ኣምላኻዊ፡ ሓድሽ ኪዳናዊ ኤክለሲያታት ዘቁሙ፡ ሓንቲ ዓባይ ደኖሚኔሽን ኣብ ምቋም ወዲቆም። ነዚ ቀጺለ ክገልጾ እየ።

``ከምኡ ኸኣ ነታ ኣብ ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን ዝነበረት ማሕበር ብዘላ ሰላም ኰነላ፡ እናተሀንጸትን ብፍርሃት እግዚኣብሄር እናተመላለሰትን ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዐበየትን ከደት።'' (ግብ9:31)

ኵሉ ሳዕ፥ ገይጋ ዝፍጽሙ ሰባት፡ ነቲ መጕተኦም ኣብ ኣከራኻሪ ዝኾነ ትርጉም ቃል ወይ ከኣ ጥቕሲ እዮም ዘደግፎ። እዛ ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ዘላ ቃል፡ ኣከራኻሪት እያ። ኣረ ኣከራኻሪት እውን ኣይኰነትን፡ ቀጺለ ጽቡቕ ገይረ ክምጕቶም እየ። ኣብ ኣከራኻሪ ዝኾነ ቃል ወይ ጥቕሲ ድማ፡ ሓደ ዓብዪ ዶክትሪን ወይ ከኣ ቤተ-እምነት ዘኣመሰለ ነገር ኣይተቁውምን ኢኻ። እሞ እዞሞ ነዛ፡ ``ማሕበር ኪርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` እትብል ቤተ-እምነት ዘቆሙ ኣቦታትናን ኣሕዋትናንሲ፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 9:31 ጥራይ ኣብ ዘላ ሓንቲ ቃል ጥራይን ሓንቲ ጥቕሲ ጥራይን፡ እሞ ከኣ ምሉእ ብምሉእ እትምጐትን እትብዳህን ጥቕሲ ኣደጊፎም፡ ካልእ ዓባይ ደኖሚኔሽን ኬቁምስ እታይ መዓልቲ ስሕተት ውዒሎም፧

ናብቲ ጽሩይ ሓድሽ ኪዳን ግዳ ምሉእ ብምሉእ ዘይምለሱ፧ እንታይ ጸገ0 ጸግዑ ምኻድ ደኣ! ሃየ እምበር፡ ምድሕዳስን ምምላስን እንተዳኣ ኰይኑሲ፡ ምሉእ ብምሉእ ናብቲ ጽሩይ ሓድሽ ኪዳን ምምላስ እዩ። እዛ ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` እትብል ደኖሚኔሽን፡ ብኣቋውማኣ(ብመዋቅራ)፡ ካብተን ካቶሊ ቸርች፡ ኦርቶዶክስ

ቸርች፡ ዝባሃላ ዓበይቲ ደኖሚኔሽን ብምንታይ ትፍለ፤ ብዋላ ሓንቲ! ካልእ፥ ካብቲ ``ቃለ ህይወት`` ካብ ዝባሃል ዓለም ለኻዊ ደኖሚኔሽን፡ ካብቲ ``ምሉእ ወንጌል`` ዝባሃል ዓለም ለኻዊ ደኖሚኔሽን፡ ካብቲ፡ ``ምሕረት የሱስ`` ዝበሃል ዓለም ለኻዊ ደኖሚኔሽን ብምንታይ ትፍለ፤ ብዋላ ሓደ መገዲ እኳ ኣይትፍለን። ``ኤርትራውያን`` ስለ ዝበለት ጥራይ እያ እትፍለ። ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` ስለ ዝበለት ጥራይ እያ እትፍለ። ስለዝስ ወጮ ተገልበጥካዮ ወጮ ከም ዝባሃል፡ ስም ጥራይ ደኣ ለዊጣ እምበር፡ ብኣቋውማኣ ኵሉ፡ ጽርይቲ (ዋላ ሓንቲ ሓድሽ ለውጢ ዘይብላ) ደኖሚኔሽን እያ። ከም ዘላታ ደኖሚኔሽን እያ!

እስከ ነቲ ኣጠቓቕማ ቃሎቶም ንመርምሮ። ሓድሽ ኪዳናዊ ድዩ፤ ሕቶ፡``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` ይበሃል ድዩ፤ ነቶም ኣብ ኣመሪካ ዘለዉ ኤርትራውያን ቅዱሳን፡ ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` ካብ በሉዎም፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ቅዱሳንከ፡ ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ኤርትራ`` ድዮም ክብሉዎ፤ እሞ እዚ ቃል ኣምላኻዊ ድዩ፤ ያእ ኣይፋሉ! ``ማሕበር ክርስቶስ`` እንተዳኣ ኢልካ፡ ኤርትራውያን ክትብል ቃል ኣምላኻዊ ኣይኰነን። ኣብ ሮሜ 16፡16, ከምዚ ይብል፡ ``ንሓድሕድኩም ከኣ ብቕዱስ ምስዕዓም ሰላም ተባሃሃሉ። ኲለን ማሕበራት ክርስቶስውን ሰላም ይብላኹም ኣለዋ።``

እቲ ኣብዚ ቃል ኣምላኻዊ ብዘይምኳኖም ዘንቀፎም ግና፡ ነቲ፡ ``ኤርትራውያን`` ዝብል ቃል ምእታዎም ጥራይ እውን ኣይኰነን ። ነቲ ``ሰሜን ኣመሪካ`` ዝብል ስም ኣህጉር ጠቒሶም ክነሶም፡ ግናኸ ብንጽል፡ ``ማሕበር`` ዝብል ቃል ምጥቃሞም እንኰላይ እዩ። ኣውራጃ፡ ሃገር ወይ ከኣ ኣህጉር ጠቒስካ፡ ``ማሕበር`` ዝብል ንጽል ቃል ፈጺምካ ኣይትጥቀምን ኢኻ።

እቲ ዘይልወጥን ዘይርታዕን ቃል ህያው ኣምላኽ እንታይ ይብል ክንፈልጥ ግቡእ እዩ። ነቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ብዝግባእ ምስ እንምርምሮን እነጽንዖን፡ ነታ ከተማዊት ወይ ከኣ ኣድማሳዊት (ጽንፈለኻዊት ወይ ከኣ ዩኒቨሳል) ኤክለሲያ ክጠቕስ ከሎ ጥራይ እዩ ብንጽል ቃል፡ ``ኤክለሲያ`` ዝብል። ኣውራጃ፡ ሃገር ወይ ከኣ ኣህጉር ክጠቕስ ከሎ ግና፡ ኵሉ ሳዕ ብብዙሕ ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያታት`` እዩ ዝብል።

ሕጅውን ወይ ናብቲ ጽሩይ ቃሉ ምሉእ ብምሉእ ንመለስ፡ እንተ ዘይኰነ ንመንፈስ ናይቲ ቃል ህያው ኣምላኽ ኣብ ዝሰሓት ትርጉም ኣደጊፍና ስማት ምቕይያር፡ ክሳውዲ ምቕያር ጥራይ እዩ። እቶም ካብ ግብጺ ዝወጹ ደቂ እስራኤል፡ ኣብቲ ናይ 40 ዓመት ናይ በረኻ ኲለል፡ ካብ 40 ዘይውሕዱ ክሳውዲ (ሓደስቲ ካምፒታት) እዮም ይቀያይሩ ነይሮም። ይኹን ደኣ እምበር ናብ ከናኣን ናብታ ምድሪ ተስፋ (ናብታ ኣምላኽ ዘሓረየሎም ጽብቕቲ ምድሪ) ግና፡ ፈጺሞም ኣይኣተዉን! ብጀካ እቶም ዝኣመኑ ክልተ ሰባት (ካሌብን እያሱን) ጥራይ፡ ኵሎም ኣብቲ በረኻ እዮም ሞይቶም ተወዲኦም። ሕጅውን ኲለል እዩ ዝባሃል ዘሎ። ዘይውዳእ ዕንኪላሎ ምድረ-ክርስትና (Christendom). ካብ ናይ ክርስተንዶም ኲለል ወጺእና፡ ናብ ሕጊ ኪንግዶም (Kingdom Of God) ክሳዕ ዘይኣተና እዋን፡ ኲለልና ኪበዝሕን ክቕጽልን እዩ። ኲለል ካብ ህላውነት ኣምላኽ ናይ ዝወጸ ሰብ ምልክት እዩ። (ዘፍ4፡14-17) ። ንመለስ ናብቲ ትኹል ቃል ህያው ኣምላኽ። ፍጹም ንገዛእ ብሕጊ መንግስቲ ሰማይ!

በሉ ንግብረ ሃዋርያት 9፡31 ንመልከታ። ቀጽልና ኣብ ክልተ ጉጅለ ዝምደቡ 18 እተፈላለዩ ትርጉማት ክንምልከት ኢና። ካብዚ ንላዕሊ ምውሳኽ ይከኣል እዩ። ካብ 100 ዘይውሕዱ እተፈላለዩ ትርጉማት ስለ ዘለዉ። ሕጂ ግና ማዕረ ቁጽሪ(ብዝሒ) ክንወስድ ኢና።

## ኣብዚ ዝስዕብ 9 ትርጉማት፡ ንግብ9፡31 ብብዙሕ ቁጽሪ፡`` churches`` ኢሎም ተርጒመማ ኣለዉ።

Berean Literal Bible
Then indeed the churches throughout all of Judea and Galilee and Samaria had peace, being edified. And going on in the fear of the Lord and in the comfort of the Holy Spirit, they were multiplied.

New King James Version
Then the churches throughout all Judea, Galilee, and Samaria had peace and were edified. And walking in the fear of the Lord and in the comfort of the Holy Spirit, they were multiplied.

King James Bible
Then had the churches rest throughout all Judaea and Galilee and Samaria, and were edified; and walking in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Ghost, were multiplied.

**King James 2000 Bible**
Then had the churches rest throughout all Judea and Galilee and Samaria, and were edified; and walking in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Spirit, were multiplied.

**American King James Version**
Then had the churches rest throughout all Judaea and Galilee and Samaria, and were edified; and walking in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Ghost, were multiplied.

**Darby Bible Translation**
The assemblies then throughout the whole of Judaea and Galilee and Samaria had peace, being edified and walking in the fear of the Lord, and were increased through the comfort of the Holy Spirit.

**Webster's Bible Translation**
Then had the churches rest throughout all Judea, and Galilee, and Samaria, and were edified: and walking in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Spirit, were multiplied.

**World English Bible**
So the assemblies throughout all Judea and Galilee and Samaria had peace, and were built up. They were multiplied, walking in the fear of the Lord and in the comfort of the Holy Spirit.

**Young's Literal Translation**
Then, indeed, the assemblies throughout all Judea, and Galilee, and Samaria, had peace, being built up, and, going on in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Spirit, they were multiplied.

## ኣብዚ ዝሰዕብ፥ ትርጉማት ድማ፥ ብንጽል ቁጽሪ፥ ``church`` ኢሎም ተርጒመማ ኣለዉ።

**New International Version**
Then the church throughout Judea, Galilee and Samaria enjoyed a time of peace and was strengthened. Living in the fear of the Lord and encouraged by the Holy Spirit, it increased in numbers.

**New Living Translation**
The church then had peace throughout Judea, Galilee, and Samaria, and it became stronger as the believers lived in the fear of the Lord. And with the encouragement of the Holy Spirit, it also grew in numbers.

**English Standard Version**
So the church throughout all Judea and Galilee and Samaria had peace and was being built up. And walking in the fear of the Lord and in the comfort of the Holy Spirit, it multiplied.

**Berean Study Bible**
Then the church throughout Judea, Galilee, and Samaria experienced a time of peace. It grew in strength and numbers, living in the fear of the Lord and the encouragement of the Holy Spirit.

**New American Standard Bible**
So the church throughout all Judea and Galilee and Samaria enjoyed peace, being built up; and going on in the fear of the Lord and in the comfort of the Holy Spirit, it continued to increase.

**Christian Standard Bible**
So the church throughout all Judea, Galilee, and Samaria had peace and was strengthened. Living in the fear of the Lord and encouraged by the Holy Spirit, it increased in numbers.

**Contemporary English Version**
The church in Judea, Galilee, and Samaria now had a time of peace and kept on worshiping the Lord. The church became stronger, as the Holy Spirit encouraged it and helped it grow.

**Good News Translation**
And so it was that the church throughout Judea, Galilee, and Samaria had a time of peace. Through the help of the Holy Spirit it was strengthened and grew in numbers, as it lived in reverence for the Lord.

**Holman Christian Standard Bible**
So the church throughout all Judea, Galilee, and Samaria had peace, being built up and walking in the fear of the Lord and in the encouragement of the Holy Spirit, and it increased in numbers.

**እሞ ከምዚ ኣብ ዘጋጥም እዋን፡ ንሕና እቶም ኣገልገልቲ ቃል ኣምላኽ፡ እንታይ ኢና ክንገብር ዘግባኣና፧ እው፡ በቲ፡ ``ኣየናይ ትርጉም እዩ፡ ምስቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ዘይጋጮ፧`` ዝብል ኣገዳሲ መርሖ ምትርጓም ቅዱስ ጽሑፋት** (The Principle of Harmony) **ተመሊኽናን ተገዚእናን፡ ነቲ ሕቶ ክንምልሶ ኣለና።**

**ኣብዛ ግብሪ ሃዋርያት** 9፡31 **ተጠቒሰን ካብ ዘለዋ ከባቢታት፥ ነታ ቀዳመይቲ፡ ንሳ ከኣ ንይሁዳ ንውሰድ። ይሁዳ ኣብ ካልእ ክፍሊ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሳ ስለ ዘላ፥ እታ ``ኤክለሲያ`` እትብል ቃል፡ ምስ ይሁዳ ተኣሳሲሩ ብኸመይ ተቐሚጣ ከም ዘላ ንመልከት።** ``እተን ብክርስቶስ ዘለዋ ኤክለሲያታት ይሁዳ ኸኣ፡ እቲ ቐደም ዘሰጐጐና ነታ ቐደም ኬዕንዋ ዚደሊ ዝነበረ እምነት ሕጂስ ይሰብካ ኣሎ፡ ኪብሉ ጥራይ ይሰምዓ ነበራ እምበር፡ ገጸይ ኣይፈልጣን ነበራ``(**ገላትያ** 1:22) ፣ ``ኣሕዋተየ፡ ንስኻትኩምሲ ነተን ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ኤክለሲያታት ኣምላኽ ሰዓብተን ኴንኩም ኢኹም እሞ፡ ከምቲ ንሳቶም ብኣይሁድ ሓሰረ መከራ ዝጸገቡ፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ብደቂ ዓድኹም መከራ ጸገብኩም`` (**1ይ ተሰሎንቄ** 2:14) ።

**ኣብዚ ክልተ መልእኽትታት ጳውሎስ (መልእኽቲ ገላትያን መልእኽቲ ተሰሎንቄን)፡ ኣብ ኣውራጃ ይሁዳ፡ ሓንቲ ኤክለሲያ ጥራይ ዘይኮነትስ፡ ብዙሓት ኤክለሲያታት ከም ዝነበራ እዩ ብንጹር ዝገልጽ ዘሎ። እዚ ከኣ ምስቲ ኣብ ግብ9፡ 31 ብንጽል ቁጽሪ``ኤክለሲያ`` ዝብል ትርጉም ብቀጥታ ተጋጪዩ ኣሎ። እሞ፡ ነየናይ ንቀበል፧ ነዚ ኣብዚ ክልተ መልእኽትታት ጳውሎስ (መልእኽቲ ገላትያን መልእኽቲ ተሰሎንቄን)፡ ዘሎ``ኤክለሲያታት`` ዝብል ንጹርን ዘየከራኽርን ጽሑፍ ነጽግናዶ ነታ ኣብ ግብ.9፡31 ዘላ፡ ``ኤክለሲያ`` እትብል ኣከራኻሪት ትርጉም ንውሰድ፡ ወይስ ምስቶም ንግብ9፡ 31፡ ብብዙሕ ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያታት`` ኢሎም ዝተርጎሙዋ ንሰማማዕ፧ እቲ ምስቲ ኣብ ገላ1፡22 ን ኣብ 1ተሰ2፡14 ዘሎ ንጹር ቃል ጳውሎስ ዝሰማማዕ፡ እቲ ናይቶም ንግብ9፡31 ብብዙሕ ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያታት`` ኢሎም ዝተርጎምዋ ልቃውንቲ እዩ።**

**እዚ እቲ ቀዳማይን ተሪርን ስነ-መጐተ እዩ። እቲ ካብዚ ዘይፍለይ ካልኣይ ተሪር**(strong) **ስነ-መጐተ፦ እዚ ኣብ ግብ9፡31 ዘሎ፡ ብንጹል ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል፡ ምስ ዋላ ሓደ ክፍሊ ሓድሽ ኪዳን ከተወሃህዶ ፈጺማካ ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ ምስቲ ምሉእ ካልእ ሓድሽ ኪዳን ዝጋጮ ትርጉም እዩ። ብኸመይ፧ ጽቡቕ፦ ኣብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን፡ እዚ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል፥ ንኽልተ ነገር ጥራይ እዩ ብንጽል ዝጥቐስ። እቲ ቀዳማይ፥ ኣብ ሓንቲ ከተማ ንዘላ ሓንቲ ኤክለለሲያ ኣምላኽ ንምምልካት። እቲ ካልኣይ ድማ፥ ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ (ዩኒበርስ) ንዘላ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣምላኽ ንምምልካት። ካብዚ ወጻኢ፡ ኣብ ዋላ ሓደ ስፍራ እኳ፡ ካብ ሓንቲ ከተማ ንላዕሊ ንዝኾነ ከባቢ (ኣውራጃ፡ ሃገር፡ ኣህጉር) ኣመልኪቱ፡ እዚ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል ብንጽል ኣይተጠቕሰን።**

እዚ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል፡ ኣብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ንኸባቢ 115 ጊዜ ዝኣክል ተጠቒሱ ኣሎ። ካብዚ፦ እቲ ሰለስተ(3) ጊዜ፡ ``ኣኼባ`` ወይ ``ዋዕላ`` ዝብል ኰይኑ፡ በቲ ዓለማዊ (ሴኩላራዊ) ትርጉሙ ወይ ከኣ ትሕዝትኡ፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 19፡32, 39, 41 ተጠቒሱ ኣሎ። ሓንሳእ ድማ፡ ነቲ ካብ ግብጺ ዝወጸ ናይ ብሉይ ኪዳን ህዝቢ ኣምላኽ ብምልኡ ኣመልኪቱ፡ ኣብ ግብ7፡38 ተጠቒሱ ኣሎ። እቲ ዝተረፈ 111 ጊዜ ድማ፡ ነቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ህዝቢ ኣምላኽ ኣመልኪቱ እዩ ዝዛረብ። ካብዚ 111ን፥ 75 ጊዜ ብንጽል ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያ`` ተባሂሉ ኣሎ። 36 ጊዜ ድማ ብብዙሕ ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያታት`` ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። እዞም ብብዙሕ ቁጽሪ 36 ጊዜ ተጠቒሶም ዘለዉ፡ ነተን

ከተማዊ ኤክለሲያታት (ሓንቲ ኤክለሲያ ኣብ ሓንቲ ከተማ) እዮም ዘመልክቱ። ካብቶም ብንጽል ቁጽሪ እተጠቕሱ 75 ጊዜ እውን፡ እቶም 60 ጊዜ ነተን ከተማዊ ኤክለሲያታት (ሓንቲ ኤክለሲያ ኣብ ሓንቲ ከተማ) እዮም ዘመልክቱ። እቶም ዝተረፉ 15 ጊዜ ድማ፡ ነታ ጽንፈለኻዊት (ዩኒቨርሳል) ኤክለሲያ ኣምላኽ የመልከቱ። እቶም ነቲ ጽንፈለኻዊ መልክዕ እታ ኤክለሲያ ከመልክቱ ዝኽእሉ ጥቕሲታት፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡- (ማቴ16፡18 ፣ 1ቆረ10፡31 ፣ 1ቆረ12፡28 ፣ ኤፌሶን1፡22 ፣ 3፡10 ፣ 3፡21 ፣ 5፡23 ፣ 5፡24 ፣5፡25 ፣ 5፡27 ፣ 5፡29 ፣5፡32 ፣ ቆሎሴ1፡18 ፣ 1፡24፣ እብ12፡23)

እምበኣር፡ ካብዚ ሓቂ እዚ ወጻኢ፡ ኣብ ሓንቲ ኣውራጃ፡ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ወይ ከኣ ኣብ ኣህጉር ንዘለዋ ኤክለሲያታት ኣመልኪቱ፡ ግናኸ ብንጽል ቁጽሪ ፡ ኣብ ዋላ ሓደ ስፍራ እቲ ሓድሽ ኪዳን እኳ፡ እዚ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል፡ ፈጺሙ ኣይተጠቕሰን። ወይ ኣብ ሓንቲ ከተማ ንዘላ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣምላኽ፡ ወይ ድማ ነታ ዩኒቨርሳል ኤክለሲያ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ቃል ኣምላኽ ዝጥቀመሉ። እሞ እቲ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 9፡31 ዘሎ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል፡ ብንጽል ቁጽሪ፡ ``church'' ዘይኩነስ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብቲ KJV ዘሎ፡ ``churches'' እዩ ክኸውን ዝግባእ።

``ከምኡ ኸኣ ነታ ኣብ ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን ዝነበረት ማሕበር ብዘላ ሰላም ኩነላ፡ እናተሀንጸትን ብፍርሃት እግዚኣብሄር እናተመላለሰትን ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዐበየትን ከደት። (**ግብሪ ሃዋርያት** 9:31) (Then had the churches G1577 rest throughout all Judaea and Galilee and Samaria, and were edified; and walking in the fear of the Lord, and in the comfort of the Holy Ghost, were multiplied)

ብንጽል ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያ`` ዘይኩነስ፡ ከምዚ ኣብዚ እንግሊዝኛ ዘሎ፡ ``ኤክለሲያታት`` እዩ ክትርጉም ዝግባእ። ምኽንያቱ እዘን ኣብዚ ተዘርዚረን ዘለዋ ቦታታት (ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን)፡ ካብ ሓንቲ ከተማ ኣዝየን ይዓብያ እየን፡ ካብ ምልእቲ ዓለም ድማ ኣዝየን ይንእሳ እየን። እቲ ብንጽል ቁጽሪ፡ ``ኤክለሲያ`` ዝብል ቃል ግና፡ ወይ ኣብ ሓንቲ ከተማ ንዘላ ሓንቲ ጥራይ ኤክለሲያ ኢኻ እትጥቀመሉ፡ ወይ ድማ ነታ ኣብ ምሉእ ዩኒቨርስ ዘላ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣምላኽ። ``ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን`` ግና፡ ካብዚ ክልቲኡ እተፈልያ እየን። እሞ፡ እዞም ኣብ ገይጋ ትርጉም ኣብ ዘለዋ፡ እንደገናውን ሓንቲ ጥቕሲ ጥራይ፡ ኣደጊፎም፡ ፡``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ`` እትብል ደኖሚኔሽን ኣቍሞም ዘለዉ ኣያታትናን ኣሕዋትናን ይተኣረሙ። ንሕና እተጸበናዮም፡ ትኽ ኢሎም 100% ናብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ክምለሱ። ንሳቶም ግና፡ ካልእ ኩለል ጀሚሮም። ዘሕዝን እዩ።

እምበኣር እቲ ትኽክለኛን ሓድሽ ኪዳናውን ኣቀማምጣ፡ ``ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዘላ ኤክለሲያታት ክርስቶስ`` ዝብል እዩ።

እቲ ጽሩይ ሓድሽ ኪዳን፡ ፈጺሙ ብዘየ ድናግር መገዲ፡ ኣብ ሓንቲ ከተማ ንዘላ ሓንቲ ጥራይ ኤክለሲያ ክጠቕስ ከሎ፡ ብንጽል ቃል ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡-

1. ኣብ የሩሳሌም ዘላ ኤክለሲያ (ግብ8፡1,3)
2. ኣብ ኣንጾክያ ዘላ ኤክለሲያ (ግብ13፡1)
3. ኣብ ተሰሎንቄ ዘላ ኤክለሲያ (1ተሰ1፡1 ፣2ተሰ1፡1)
4. ኣብ ቆረንቶስ ዘላ ኤክለሲያ (1ቆረ1፡2 ፣ 2ቆረ1፡1)
5. ኣብ ኤፌሶን ዘላ ኤክለሲያ (ግብ20፡17፣ ራእይ2፡7)
6. ኣብ ሰሚርና ዘላ ኤክለሲያ (ራእይ2፡8)
7. ኣብ ጴርጋሞም ዘላ ኤክለሲያ (ራእይ2፡12)
8. ኣብ ትያትራ ዘላ ኤክለሲያ (ራእይ 2፡18)
9. ኣብ ሰርዴስ ዘላ ኤክለሲያ (ራእይ 3፡1)
10. ኣብ ፍላደልፊያ ዘላ ኤክለሲያ (ራእይ3፡7)
11. ኣብ ሎዶቅያ ዘላ ኤክለሲያ (ቆሎሴ4፡16 ፣ ራእይ 3፡14)

ሓድሽ ኪዳን፡ ኣውራጃ፡ ሃገርን ኣህጉርን ክጠቕስ ከሎ ግና፡ ኣብ ሓንቲ ኣውራጃ፡ ሃገርን ኣህጉርን ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ብዙሓት ከተማታት ስለ ዘለዋአን፡ እተን ኣብ ነፍሲ ወከፍ እተን ከተማታት ዘለዋ ኤክለሲያታት ተደሚረን፡ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣይኩናን እየን። ስለ ዝኾነ ከኣ ብንጽል ዘይኩነስ ብብዙሕ ቁጽሪ ``ኤክለሲያታት`` ተባሂለን ይጽወዓ። ስለዝስ እተን ኤክለሲያታት ኵሉ ሳዕ ብብዙሕ ቁጽሪ እየን ዝጥቐሳ። ነዚ ዝስዕብ ንጹር ኣብነታት ንመልከት።

1. **ኣብ ይሁዳ ዘለዋ** ኤክለሲያታት (ገላ1፥22 ፣ 1ተሰ2፥14)
    - ይሁዳ ሃገር እያ። ኣብ ዘመን ግዝኣት ሮማ ግና፥ ከም ሓንቲ ኣውራጃ እያ ትቁጸር ነይራ። እዛ ሃገር እዚኣ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ሓያሎ ከተማታት ስለ ዘለዋኣ፥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ ድማ ሓሓንቲ ኤክለሲያ ስለ ዝነበራ፥ ኣብ ሃገረ ይሁዳ ኤክለሲያታት እየን ነይረን።

2. **ኣብ** ገላትያ ዘለዋ ኤክለሲያታት (ገላ1፥2 ፣1ቆረ16፥1)
    - ገላትያውን ኣብ ዘመን ግዝኣት ሮማ፥ ከም ሓንቲ ኣውራጃ እያ ነይራ። ኣብዛ ሃገር እዚኣ ግና፥ ብዙሓት ከተማታት ስለ ዝነበራ፥ ኣብ ገላትያ ብዙሓት ኤክለሲያታት እየን ነይረን።

3. ኣብ መቄዶንያ ዘለዋ ኤክለሲያታት (2ቆረ8፥1)
    - መቄዶንያ እውን ኣውራጃ እያ ነይራ። ኣብተን ሓያሎ ከተማታት መቄዶንያ (ነኣብነት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ ፊሊጲ፥ ከተማ ቤሪያ፥ ከተማ ተሰሎንቄ) ሓሓንቲ ኤክለሲያ ስለ ዝነበራ፥ ኣብ መቄዶንያ፥ ሓንቲ ኤክለሲያ ዘይኮነትስ፥ ሓያሎ ኤክለሲያታት እየን ነይረን።

4. ኣብ እስያ ዘለዋ ኤክለሲያታት (1ቆረ16፥19 ፣ ራእይ1፥4 & 11)
    - እስያ (እዛ ሐጂ ዘላ ቱርኪ)፥ ኣብ ዘመን ግዝኣት ሮማ፥ ከም ኣውራጃ እያ ነይራ። ኣብ ውሽጢ እዛ ሃገር እዚኣ ድማ፥ ብዙሓት ኤክለሲያታት ደኣ እምበር ሓንቲ ጥራይ ኤክለሲያ ኣይነበረትን። ስለዚ ከኣ ``ኤክለሲያታት እስያ`` ተባሂለን ተጸዊዐን ኣለዋ።

5. ብዘለዋ ኤክለስያታት ኣህዛብ (ሮሜ16፥4)
    - ኣብዚ ጳውሎስ ``ኣህዛብ`` ስለ ዝጠቐሰ፥ እዞም በቲ ብጳውሎስ እተሰብከ ወንጌል እበተጽሑ ኣህዛብ ድማ፥ ኣብ ሓደ ኣውራጃ ወይ ሃገር እተሓጽሩ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኣህጉራት ንዝነበሩ ኣህዛብ ስለ ዝትንከፍ፥ ``ኤክለሲያ ኣህዛብ`` ዘይኮነስ፥ ``ኤክለሲያታት`` ኣህዛብ ይብል ኣሎ።

ነዚ ዝስዕብ ንጹር ቅዱስ ጽሑፋት ባዕልኹም ተመልከቱዎ!

## ኤክለሲያታት ይሁዳ

``እተን ብክርስቶስ ዘለዋ ኤክለሲያታት ይሁዳ ኸኣ፥ እቲ ቐደም ዝሰጒጒና ነታ ቐደም ኬዕንዋ ዚደሊ ዝነበረ እምነት ሕጂስ ይሰብካ ኣሎ፥ ኪብሉ ጥራይ ይሰምዓ ነበራ እምበር፥ ገጸይ ኣይፈልጣን ነበራ``(**ገላትያ** 1: 22)

``ኣሕዋተየ፥ ንስኻትኩምሲ ነተን ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ኤክለሲያታት ኣምላኽ ሰዓብተን ኴንኩም ኢኹም እሞ፥ ከምቲ ንሳቶም ብኣይሁድ ሓሰረ መከራ ዝጸገቡ፥ ንስኻትኩምውን ከምኡ ብደቂ ዓድኹም መከራ ጸገብኩም`` (**1ይ ተሰሎንቄ** 2:14)

## ኤክለሲያታት ገላትያ

``ኵላቶም ምሳይ ዘለዉ ኣሕዋት ድማ ናብ ኤክለሲያታት ገላትያ`` (**ገ**ላትያ 1:2 )

``ብዛዕባ እቲ ንቶም ቅዱሳን ኪኸውን ዚዋጻእ ገንዘብ ግና፥ ከምቲ ኤክለሲያታት ገላትያ ዝሰራዕክዎ፥ ንስኻትኩምውን ከምኡ ግበሩ`` (1**ይ ቆሮንቶስ** 16:1)

## ኤክለሲያታት መቄዶንያ

``ኣሕዋተየ፥ እቲ ኣብተን ኤክለሲያታት መቄዶንያ እተዋህበ ጸጋ ኣምላኽ ነፍልጠኩም ኣሎና፥`` (2**ይ ቆሮንቶስ** 8:1)

## ኤክለሲያታት እስያ

እተን ኤክለሲያታት እስያ ሰላም ይብላኹም ኣለዋ። ኣኪላስን ጵርስኪላን ምስታ ኣብ ቤቶም ዘላ ማሕበር ኰይኖም፥ ብጐይታ ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ። (1**ይ ቆሮንቶስ** 16:19)

``ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሸብዓተ ኤክለሲያታት፥ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን፥ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሸብዓተ መናፍስትን ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድሪ ዝዀነ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። ንእኡ፥ ነቲ ዜፍቅረና ዘሎ፥ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሐጸበና፡`` (**ራእይ ዮሐንስ** 1: 4-5)

``ብመዓልቲ ጐይታ ብመንፈስ ኰንኩ፥ ብድሕረይ ከኣ፥ ነዚ እትርእዮ ዘሎኻ፥ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፍካ፥ ናብተን ኣብ ኤፌሶንን ስሚርናን ጴርጋሞስን ትያቲራን ሳርዴስን ፊላደልፍያን ሎዲቅያን ዘለዋ ሸብዓተ ኤክለሲያታት ስደዶ፥ ዚብል ከም ናይ መለኸት ዝበለ ብርቱዕ ድምጺ ሰማዕኩ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 1: 10-11)

## ኤክለሲያታት ኣህዛብ

``ንሳቶም ኣብ ክንዲ ህይወተይ ክሳዶም ዘሕለፉ፥ ብዘለዋ ኤክለሲያታት ኣህዛብ ከኣ ዜመስግናኦም እምበር ኣነ ጥራይ ዘይኰንኩ ዘመስግኖም ዘሎኹ`` (**ሮሜ** 16:4)

**ጳውሎስ ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ (ሮሜ16፡4) ብዛዕባ ናይ ሓደ ኣውራጃ ወይ ከኣ ሓንቲ ሃገር ኤክለሲያታት ዘይኰናሲ፥ ብዛዕባ ናይ ሓደ ኣህጉርን ካቡኡ ንላዕልን ኤክለሲያታት እዩ ዝዛረብ ዘሎ። እሞ ኤርትራ ሃገር እያ። ኣብዛ ሃገር ከኣ ብዙሓት ኣህዛብ ኣለዉ (9 ብሄራት)። ኣብ ኤርትራ ሓንቲ ኤክለሲያ ዘይኰነትሲ፥ ብዙሓት ኤክለሲያታት እየን ዘለዋአ ኣምላኽ ። ነዘን ብዙሓት ኤክለሲያታት ጨፍሊቕካ ሓንቲ ዓባይ ደኖሚኔሽን ኣይትገብረንን ኢኻ! ደኖሚኔሽን ካብ ኣምላኽ ኣይኰነን! እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ከተማዊ ኤክለሲያታት እዩ! ራእይ ዮሃንስ ይመስክር! ናይ ጐይታ የሱስ ንጹር ራእይ ምህናጽ ኤክለሲያኡ እዩ! ንእኣ ድማ ከተማ ብኸተማ እዩ ዝሃንጻ! እምበኣር ከኣ ኤክለሲያታት ኣምላኽ ኣብ ኤርትራ ደኣ ትብል እምበር ኤክለሲያ ኣምላኽ ኣብ ኤርትራ ፈጺማካ ኣይትብልን ኢኻ። ``ማሕበር ክርስቶስ ኤርትራውያን`` ክንብል ኢና ኢልኩም እንተደረቁም ግና፥ ቀዳማይ ነገር፥ ኣብ ቃል ኣምላኽ ትዕምጹ ኣለኹም። ከምቲ ሓድሽ ኪዳናዊ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዝዀነ ዘይኰነ ድማ፥ ሓዳሽ ደኖሚኔሽን ኢኹም እተቐሙ ዝለኹም። እሞ ሓድሽ ደኖሚኔሽን ደኣ ንምንታይ ኣድለየ፤ ደኖሚኔሽን ንደኖሚኔሽኑ ደኣ፥ ድሮስ ነናህና ደኖሚኔሽን ነይሩና እንድዩ!፤**

እቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስና ናይ መወዳእታ መጽሓፍ (ራእይ ዮሃንስ)፥ ኣብ ምንታይ እዩ ዘተኩር፤ እቲ መንፈስ ንመን እዩ ዝዛረብ፤ ነታ ዩኒቨርሳል ኤክለሲያ ወይስ ነተን ከተማዊ ኤክለሲያታት፤ ንነፍሲ ወከፍ እተን ከተማዊ ኤክለሲያታት እዩ ዝጽውዕ፥ ዝዛረብን ዘጠንቅቕን!!!

- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 2:7)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። እቲ ዚስዕር በቲ ኻልኣይ ሞት ኣይኩጐዳእን እዩ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 2:11)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብቲ ስዉር ማና ኽህቦ እየ፥ ጻዕዳ እምኒ ድማ፥ ብዘይ እቲ እትቐበላስ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ኣብታ እምኒ እቲኣ እተጻሕፈ ሓድሽ ስም ክህቦ እየ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 2:17)
- ``ንደቃውን ብሞት ክቐትሎም እየ፥ ኣነ ልብን ኰላሊትን ዝምርምር ምዃነይ ከኣ ብዘለዋ ኤክለሲያታት ኪፈልጣ እየን። ንነፍሲ ወከፍኩምውን ከከም ግብርኹም ክህበኩም እየ። `` (**ራእይ ዮሐንስ** 2:23)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 2:29)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 3:6)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 3:13)
- ``እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንኤክለሲያታት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።`` (**ራእይ ዮሐንስ** 3:22)

``ኣነ የሱስ፡ ኣብተን ኤክለሲያታት እዚ ነገር እዚ ኺምስክረልኩም ኢለ፡ ንመልኣኸይ ሰዲደዮ ኣሎኹ። ኣነ ሱር ዳዊትን ዘርኡን፡ እቲ ብሩህ ኰዀብ ጽባሕ እየ፡`` (**ራእይ ዮሐንስ** 22:16)

**ድሕሪኡ ድማ ኣብ መወዳእታ፡ ከምዚ ይብል፦** ``እቲ *መንፈስን እታ መርዓትን፡ ንዓ፡ ይብሉ ኣለዉ። እቲ ዚሰምዕውን፡ ንዓ፡ ይበል። ዝጸምኤ ኸኣ ይምጻእ፡ ዝደለየውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ*።`` (ራእይ22፡17) ።

እወ! እተን ኣብ ኵለን ከተማታት ዓለም ዘለዋ ኵለን ኤክለሲያታት፡ (ሓንቲ ኤክለሲያ ኣብ ሓንቲ ከተማ=>ራእይ ምዕራፍ1-3) ፍጹም ተሃኒጸን ምስ ተዛዘማን ምስ ተዳለዋን፡ እታ እንኮ ጽንፈለኻዊት መርዓት ክርስቶስ ክኾና እየን።

## መጠቓለሊ

**እታ ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ፡ ንሳ ከኣ እታ እንኮ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ፡ ምህናጽ እታ ኤክለሲያ ክርስቶስ እያ** (ማቴ16፡18) እዛ ኤክለሲያ እዚኣ ኣብ ምሉእ ጽንፈለኽ እንኮ ጥራይ እያ። እተን ኣብ ምልእቲ ምድሪ፡ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣብ ሓንቲ ከተማ ኰይነን ዝግለጻ ኵለን ኤክለሲያታት፡ *መጽሓፍ ቅዱሳዊ፡ ግብራዊ መግለጺ* እዛ እንኮ ጽንፈለኻዊት ኤክለሲያ ኣምላኽ እየን። በቲ መለኮታዊ ምኽሪ ኣምላኽን ናይ ጥንቲ መደቡን፡ ከተማ ብኸተማ እዩ ነታ ኤክለሲያኡ ዝሃንጻን ዘዳልዋን። እተን ኣብ ሓንቲ ከተማ ዘለዋ ብእተፈላለየ ስማትን ዶክትሪንን እተወደባ ደኖሚኔሽናት፡ ቀጥታዊ ምምቅቓል፡ ምፍልላይ፡ ምብትታን ምፍርራስን እዛ ኣብታ ከተማ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተመቅደስ ንምኻን ሓቢራ ክትህነጽ ዝግባኣ ሓንቲ ኤክለሲያ ኣምላኽ እየን (1ቆረ1፡10-13 ፣ 3፡1-17) ። እዚ ማለት እተን ደኖሚኔሽናትሲ ቀንዲ ዕንቅፋት እታ እንኮ ናይ ሰማይ ናይ ምህናጽ ራእይ ኣምላኽ እየን። እሞ፡ ጐይታ ቤቱ ምእንቲ ክሃንጽሲ ዕንቅፋት ኣይንኹን። ዕንቅፋት ኣይነቐምጠሉ። ናብ ቃሉ ንመለስ። እቶም ኣብ ሓንቲ ከተማ ዘለና፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ድማ ከም ብሓድሽ እተወለድና ኵልና፡ ህያዋን ኣባላት እታ ኣብታ ከተማና ዘላ እንኮ ኤክለሲያ ኣምላኽ ኢና። እቲ መቓቒሉና፡ ፈላልዩናን ጕጅጅሉናን ዘሎ፡ ስርዓት ሰብ፡ ዶክትሪን ሰብ፡ ምህሮ ሰብ፡ ትምኒት ሰብ፡ ራእያት ሰባት፡ ኣብ ገለ ገሊኡውን ትምህርቲታት ሓሶት ወዘተ. እዩ። ኣብ ከተማ ቆረንቶስ ዝነበሩ ኣመንቲ፡ ``ኣነ ናይ ጳውሎስ እየ፣ ኣነ ናይ ኣጲሎስ እየ፣ ኣነ ናይ ኬፋ ኣየ፣ ወዘተ. `` ኢሎም ከም እተመቓቐሉ፥ ንሕና ከኣ ሎሚ ልክዕ ከምኡ ተመቓቒልና ኣለና።

ጳውሎስ ንሰብ ቆረንቶስ፡ ``ክርስቶስዶ ተመቒሉ እዩ፧ ወይስ ጳውሎስዶ ተሰቂሉልኩም እዩ፧ ወይስ ብስም ጳውሎስ ዲኹም እተጠመቕኩም፧`` (1ቆረ1፡13) ኢሉ ብትሪ ከም ዝበደሆም፥ ሕጅውን ጐይታ ንዓና፡ ``ኣነዶ ተመቒለ እየ፧ እቲ ፈላልዩኩም ዘሎ ዶክትሪንኩም ምህሮታትኩም ስርዓታትኩምዶ ተሰቂሉልኩም እዩ፧ ኣነዶ ኣይኰንኩን ኣብ መስቀል ደመይ ኣፍሲሰ ዝዓደግኩኹምን ዘዋረኹኹምን፧ ንዓኩም ከም ህያዋን ኣእማን ተጠቂመ ከም ሓንቲ ህንጻ ኣምላኽ፡ ከም ሓንቲ መቅደስ ኣምላኽ፡ ንኽሃንጸኩም ኢለ፡ ኣብታ ዘለኹማ ከተማ ከም ሓንቲ ኤክለሲያይ ብፋጻይ ካብ ዓለም ጸዊዐ ኣኪበኩም ክነሰይ፡ ንስኻትኩም ግና ነቲ ናይ ምህናጽ ራእየይ ንኸይፍጸም ዕንቅፋት ኰንኩምኒ ኣለኹም!`` ይብል ኣሎ!

``ጳውሎስ ወይ ኣጵሎስ፡ ኬፋ ኹን ዓለም ኲንት፡ ህይወት ኲነት ሞት ኲን፡ ዘሎ ኹን ወይ ዚመጽእ፡ ኩሉ ናታትኩም እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ብሰብ ኣይመካሕ። ንስኻትኩምሲ ናይ ክርስቶስ ደኣ ኢኹም፡ ክርስቶስውን ናይ ኣምላኽ እዩ።`` (1ቆረ3፡ 21-23)

እቶም ኣብ ሓንቲ ከተማ ዘለና ናብ መንፈስ ከኣ ከም ብሓድሽ እተወለድና ቅዱሳን ኵልና፡ ናይ ጳውሎስ፡ ናይ ኬፋ፡ ናይ ኣጲሎስ፡ ናይ ዮሃንስ፡ ወዘተ. ናይ ካቶምሊክ፡ ናይ ኦርቶዶክስ፡ ናይ ፕሮተስታን፡ ናይ ጴንጠቆስጠ፡ ወዘተ. ናይ ማርቲን ሉተር፡ ናይ ጆን ወስሊ፡ ናይ ዎችናኒ፡ ወዘተ. ናይ ቃልህይወት፡ ናይ ምሉእ ወንጌል፡ ናይ ፊዝምሽን፡ ናይ ሉተራን፡ ናይ ካልቪኒዝም፡ ናይ መቶዲስት፡ ወዘተ.  ኣይኰንናን! ኣይኰንናን! ፈጺምና ኣይኰንናን! እቶም ካብ ኣምላኽ ዝኸሩ በዓል ጳውሎስ፡ ኬፋ፥ ኣጲሎስ፡ የሃንስ ወዘተ. ናህና እዮም፣ ንሕና ግና ናቶም ኣይኰንናን! ንሕና ኵልና ናይ ክርስቶስ ኢና፡ ክርስቶስ ጥራይ ከኣ ናይ ኣምላኽ እዩ!

እምበኣር እቲ ጽሩይ፡ ሰማያዊ፡ ሓድሽ ኪዳናዊ መጸውዒን ኣቋውማን እታ እንኮ ሓድሽ ኪዳናዊት ቤት ኣምላኽ ከም ዝስዕብ እዩ፥-

- ኣብ ኣስመራ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ድባሩባ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ መንደፈራ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዓረዛ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዓዲኳላ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ እንዳገርግስ ዘላ ኤክለሲያ

- ኣብ ማይምነ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ደቀምሓረ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሰገነይቲ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሰንዓፈ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ማይ ዓይኒ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ጾሮና ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ነፋሲት ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ጊንዳዕ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ባጽዕ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ከረን ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሓጋዝ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ መንሱራ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዓደርደ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ኣቁርደት ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ባረንቱ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሻምበቆ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ተሰነ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ግርማይካ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ኬሩ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ናቕፋ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዓሰብ ዘላ ኤክለሲያ
- ወዘተ.

- ኣብ ከሰላ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ካርቱም ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ካይሮ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ስቶም-ኦን-ትረንት ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ በርሚንግሃም ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ኮቨንትሪ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሸፊልድ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሊድስ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ማንቸስተር ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ኒውካስትል ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ሊስተር ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ለንደን ዘላ ኤክለሲያ
- ወዘተ.

- ኣብ ስቶኮሎም ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ኡብሳላ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ዮተበሪ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ቪስቢ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ስከስቱና ዘላ ኤክለሲያ
- ወዘተ.

- ኣብ ዙሪካ ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ በርን ዘላ ኤክለሲያ
- ኣብ ልዘርን ዘላ ኤክለሲያ
- ወዘተ.

- ኣብ ፍራንክፈርት ዘላ ኤክለሲያ

- ኣብ ጊሰን ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ወዘተ.

- ኣብ ኒውዮክር ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ሲ.ያትል ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ለሰ ኣንጅለሰ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ዲሲ. ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ሻንጋይ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ሆንግኮንግ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ቶኪዮ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ በልጅም ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ፓሪስ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ሮማ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ኦስሎ ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ኣብ ድራመን ዘላ ኤክለሲ.ያ
- ወዘተ.

- ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    1) ኣብ ዞባ ማእከል ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    2) ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    3) ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    4) ኣብ ዞባ ደቡብ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    5) ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    6) ኣብ ዞቦ ደቡባዊ ባሕሪ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት

- ኣብ ኢትዮጲ.ያ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ሱዳን ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ግብጺ. ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ኬንያ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ስዊድን ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ኖርወይ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ዓዲንግሊ.ዝ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ጀርመን ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
- ኣብ ጥልያን ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
  ወዘተ.

- ኣብተን ሸዱሽተ (6) ኣህጉር ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    1) ኣብ ኤሲ.ያ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    2) ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    3) ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    4) ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    5) ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    6) ኣብ ኣውስትራሊ.ያ ዘለዋ ኤክለሲ.ያታት
    7) ኣብ ኣንታርክቲክ ሰብ ኣሎ ድዩ፧

እዚ. እቲ ጽሩይን ሕዋስ ዘይብሉን ሰማያዊ መለኮታዊ ሰርዓት (ኦርደር=ኣሰላልፋ፡ ስሩዕ ኩነት) እዩ። እዚ. እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። እቶም ነዚ. ዝእዘዙ ህዝብ/ወለዶ ብጹኣን እዮም።